# ናይ ምስጢራውነት መፍለጢ አሰራርሓታት

ክፍሊ ጥዕና ከተማ Cincinnati

# ናይ ምስጢራውነት ኣሰራርሓታት መፍለጢ
## ክፍሊ ጥዕና CINCINNATI

## ሓበሬታኹም። መሰላትኩም። ሓላፍነታትና።

እዚ መፍለጢ እዚ ብዛዕባኹም ዝምልከት ሕክምናዊ ሓበሬታ ብከመይ ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን ክግለጽን ከም ዝኽእል፡ ከምኡ እውን ነዚ ሓበሬታ እዚ ብከመይ ክትረኽብዎ ከም እትኽእሉ የረድእ። **በጃኹም ብጥንቃቐ መርምርዎ።**

### መሰላትኩም

እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም፡-

- ናይ ወረቐት ወይ ኤሌክትሮኒካዊ ሕክምናዊ መዝገብኩም ቅዳሕ ምርካብ
- ናይ ወረቐት ወይ ኤሌክትሮኒካዊ ሕክምናዊ መዝገብኩም ምእራም
- ምስጢራዊ ርክብ ምሕታት
- ነቲ እነካፍሎ ሓበሬታ ክንድርቶ ምሕታት
- ሓበሬታኹም ዘካፈልናሉም ወገናት ዝርዝር ምርካብ
- ናይዚ ናይ ምስጢራውነት መፍለጢ ቅዳሕ ምርካብ
- ወኪል ኮይኖም ዝዓፀልኩም ሰባት ምምራጽ
- መሰላት ምስጢራውነትኩም ከም ዝተጣሕሰ እንተኣሚንኩም ጥርዓን ምእታው

### ምርጫታትኩም

ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ሓበሬታኹም ብከመይ ከምንጥቀምን ከምነካፍልን ምርጫታት ኣለዉኹም፡-

- ንስድራቤትን ፈተውትን ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኹም ምንጋር
- ናይ ሓደጋ ረድኤት ምሃብ
- ኣብ ናይ ሆስፒታል ማህደር ምእታው
- ናይ ኣእምሮ ጥዕና ክንክን ምሃብ
- ንኣገልግሎትና ምስፋሕን ሓበሬታኹም ምሻጥን
- እቶት ወይ ሓገዝ ምእካብ

### ኣጠቓቕማናን መግለጺታትናን

ኣብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ሓበሬታኹም ክንጥቀምን ክነካፍልን ንኽእል ኢና፡-

- ሕክምናዊ ክንክን ምሃብ
- ትካልና ምክያድ
- ንኣገልግሎታትኩም ክፍሊት ምሕታት
- ምስ ህዝባዊ ጥዕናን ድሕነትን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ምሕጋዝ
- ምርምር ምክያድ
- ሕጊ ምኽባር
- ንናይ አካላትን ቲሹታትን ወፈያ ጠለባት ምላሽ ምሃብ
- ምስ መርማሪ ሬሳ ወይ ሓላፊ ቀብሪ ምዕያይ
- ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ፡ ምኽባር ሕጊ፡ ከምኡ እውን ካልኦት ናይ መንግስቲ ጠለባት ምምላስ
- ንኽስታትን ሕጋዊ ስጉምትታትን ምላሽ ምሃብ

## መሰላትኩም

**ምስ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ብዝተኣሳሰር፡ ዝተወሰኑ መሰላት ኣለዉኹም።** እዚ ክፍሊ እዚ መሰላትኩምን ንዓኹም ንምሕጋዝ ዘለና ገለ ሓላፍነታትን የረድእ።

**ናይ ሕክምናዊ መዝገብኩም ኤሌክትሮኒካዊ ወይ ናይ ወረቐት ቅዳሕ ምርካብ**

- ብዛዕባኹም ዘለና ናይ ሕክምና መዝገብን ካልእ ናይ ጥዕና ሓበሬታን ን ምርኣይ ወይ ኤሌክትሮኒካዊ ወይ ናይ ወረቐት ቅዳሕ ንምርካብ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ብከመይ ከም ዝግበር ክንነግረኩም ሕተቱና።
- መብዛሕትኡ ግዜ ጠለብኩም ካብ ዘቕረብኩምሉ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ቅዳሕ ወይ ጽማቕ ክንህብ ኢና። ግቡእ ዝኾነ፡ ኣብ ወጻኢታት ዝተመርኮሰ ክፍሊት ክነኽፍል ንኽእል ኢና።

**ናይ ሕክምናዊ መዝገብኩም ክእረም ምሕታት**

- ጌጋ ወይ ጉዱል እዩ ኢልኩም ዝሓሰብኩምዎ ብዛዕባኹም ዝገልጽ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ክስተኻኸል ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ብከመይ ከም ዝግበር ክንነግረኩም ሕተቱና።
- ንጠለብኩም "ኣይፋልን" ክንብል ንኽእል ኢና፡ እንተኾነ ግን ምኽንያቱ ብጽሑፍ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ክንሕብረኩም ኢና።

## ምስጢራዊ መራኸቢታት ምሕታት

- ብፍሉይ መንገዲ (ንኣብነት ብናይ ገዛ ወይ ቤት ጽሕፈት ስልኪ) ክንራኽበኩም ወይ ናብ ዝተፈለየ ኣድራሻ ደብዳበ ክንሰደልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ንኹሎም ግቡእ ዝኾኑ ጠለባት "እሺ" ክንብል ኢና።

**ነቲ እነካፍሎ ወይ እንጥቀመሉ ሓበሬታ ክንድርቶ ምሕታት**

- ንሕክምና፡ ንክፍሊት ወይ ንናይ ስራሕ ንጥፈታትና ገለ ናይ ጥዕና ሓበሬታታት ከይንጥቀም ወይ ከይነካፍል ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ጠለብኩም ክንሰማዕ ግዴታ የብልናን፡ ከምኡ እውን ንናይ ክንክን ጥዕናኹም ዝጸሉ እንተኾይኑ "ኣይፋልን" ክንብል ንኽእል ኢና።
- ንሓደ ኣገልግሎት ወይ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቕሓ ሙሉእ ብሙሉእ ባዕልኹም ካብ ጁባኹም እንተኸፊልኩም፡ ነቲ ሓበሬታ ንናይ ክፍሊት ዕላማ ወይ ንናይ ስራሕ ንጥፈታትና ምስ ናይ ጥዕና መድህንኩም ከይነካፍሎ ክትሓቱና ትኽእሉ ኢኹም። ሕጊ ነቲ ሓበሬታ ከነካፍሎ ዘገድደና እንተዘይኮይኑ፡ "እሺ" ክንብል ኢና።

**ሓበሬታ ዘካፈልናሎም ወገናት ዝርዝር ምርካብ**

- ሕቶ ካብ ዘቕረብኩምሉ መዓልቲ ንድሕሪት ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ዘሎ ግዜ፡ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ዘካፈልናሉ እዋናት ዝርዝር (accounting) ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም
  ምስ መን ከም ዘካፈልናዮ፣ ንመን ከም ዝሃብናዮን ስለምንታይ ከም ዘካፈልናዮን።
- ካብቶም ምስ ሕክምና፡ ክፍሊትን ናይ ጥዕና ክንክን ስራሕትን ዝተኣሳሰሩ መግለጺታት፡ ከምኡ እውን ገለ ካልኦት መግለጺታት (ንኣብነት ንሕና ክነውጽኦ ዝሓተትኩምና) ወጻኢ፡ ንኹሎም ዝተገብሩ መግለጺታት ከነጠቓልል ኢና። ኣብ ዓመት ሓደ ዝርዝር ብነጻ ክነቕርብ ኢና፡ እንተኾነ ግን ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ካልእ ተወሳኺ ዝርዝር እንተሓቲትኩም፡ ግቡእ ዝኾነ፡ ኣብ ወጻኢታት ዝተመርኮሰ ክፍሊት ክነኽፍል ንኽእል ኢና።

**ናይዚ ናይ ምስጢራውነት መፍለጢ ቅዳሕ ምርካብ**

ነዚ መፍለጢ እዚ ብኤሌክትሮኒካዊ መንገዲ ክትቅበሉ ተሰማሚዕኩም እንተነበርኩም እኳ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ናይዚ መፍለጢ እዚ ናይ ወረቐት ቅዳሕ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ወረቐት ቅዳሕ ብቕጽበት ክነቕርበልኩም ኢና።

**ወኪል ኮይኖም ዝዓዩልኩም ሰባት ምምራጽ**

- ንሓደ ሰብ ናይ ሕክምና ስልጣን እንተ ሂብኩም ወይ ድማ ሓደ ሰብ ሕጋዊ መዕበይኹም እንተኾይኑ፡ እቲ ሰብ እቲ መሰላትኩም ክውሕስን ብዛዕባ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ምርጫታት ክገብርን ይኽእል እዩ።
- ዝኾነ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳድና፡ እቲ ሰብ እዚ ስልጣን እዚ ከም ዘለዎ ዝተረጋገጸን ምእንታኹም ክዓይይ ከም ዝኽእልን ከነረጋግጽ ኢና።

**መሰላትኩም ከም ዝተጣሕሰ እንተተሰሚዑኩም ጥርዓን ምእታው**

- መሰላትኩም ከም ዝጣሓስና እንተተሰሚዑኩም፡ ነቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ተጠቒምኩም ምስና ብምርኻብ ጥርዓን ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ናብ 200 Independence Avenue, S.W., Washington, D.C. 20201 ደብዳበ ብምልኣኽ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 1-877-696-6775 ብምድዋል፡ ወይ ድማ ናብ **www.hhs.gov/ocr/privacy/hipaa/complaints/**ብምብጻሕ ናብ ኣሜሪካ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎትን ቤት ጽሕፈት ንሲቪላዊ መሰላት ጥርዓን ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም።
- ጥርዓን ብምእታውኩም ምኽንያት ኣንጻርኩም ዝኾነ ዓይነት ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ኣይክንወስድን ኢና።

## ምርጫታትኩም

**ንገሌኡ ናይ ጥዕና ሓበሬታታት ብዝምልከት፡ ነቲ እነካፍሎ ነገራት ምርጫታትኩም ክትነግሩና ትኽእሉ ኢኹም።**
ኣብቲ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ኩነታት ሓበሬታኹም ብከመይ ከምነካፍሎ ንጹር ምርጫ እንተሃልዩኩም፡ ምስና ተዛረቡ። እንታይ ክንገብር ከም እትደልዩ ንገሩና፡ ንሕና ድማ መምርሒታትኩም ክንስዕብ ኢና።

ኣብዞም ጉዳያት እዚኦም፡ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክትነግሩና መሰልን ምርጫን ኣለኩም፡-

- ምስ ስድራቤትኩም፡ ናይ ቀረባ ፈተውትኩም ወይ ኣብ ክንክንኩም ዝሳተፉ ካልኦት ሰባት ሓበሬታ ምክፋል
- ኣብ ናይ ሓደጋ ረድኤት ኩነታት ሓበሬታ ምክፋል
- ሓበሬታኹም ኣብ ናይ ሆስፒታል ማህደር ምእታው

*ምርጫኹም ክትነግሩና እንተዘይኪኢልኩም፡ ንኣብነት ርእስኹም ስሒትኩም እንተለኹም፡ ንዓኹም ዝበለጸ ረብሓ ኣለዎ ኢልና እንተኣሚንና፡ ሓበሬታኹም ክነካፍል ንኽእል ኢና። ንጥዕና ወይ ንድሕነት ዘንጸላልው ከቢድን ህጹጽን ሓደጋ ንምንካይ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እውን ሓበሬታኹም ክነካፍል ንኽእል ኢና።*

ኣብዞም ጉዳያት እዚኦም፡ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ እንተዘይ ሂብኩምና፡ ሓበሬታኹም ፍጹም ኣይንካፈልን ኢና፡-

- ንናይ ዕዳጋ ዕላማታት
- ሓበሬታኹም ንምሻጥ
- መብዛሕትኡ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሕክምና

ነጥብታት ምክፋል፡ እቶት ወይ ሓገዝ ናይ ምእካብ

ጉዳይ እንተኾይኑ፡-

- ንናይ እቶት ወይ ሓገዝ ምእካብ ጻዕረታት ክነራኽበኩም ንኽእል ኢና፡ እንተኾነ ግን መሊስኩም ከይንራኽበኩም ክትነግሩና ትኽእሉ ኢኹም።

# ኣጠቓቕማናን መግለጺታትናን

## ብልሙድ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ብከመይ ንጥቀመሉ ወይ ከነካፍሎ ንኽእል?

ብልሙድ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም በዞም ዝስዕቡ መገድታት ንጥቀመሉ ወይ ክነካፍሎ ንኽእል ኢና።

### ሕክምናዊ ክንክን ምሃብ

ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ክንጥቀመሉን ሕክምና ዝህቡኹም ዘለዉ ካልኦት ክኢላታት ክነካፍሎም ንኽእል ኢና።

*ኣብነት፦ ብሰንኪ መጉዳእቲ ዝሓክመኩም ዘሎ ሓኪም፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናኹም ንካልእ ሓኪም ይሓትት።*

### ትካልና ምክያድ

ናይ ስራሕ ንጥፈታትና ንምክያድ፡ ክንክንኩም ንምምሕያሽን ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ምሳኹም ንምርኻብን ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ክንጥቀመሉን ክነካፍሎን ንኽእል ኢና።

*ኣብነት፦ ንናይ ሕክምናኹምን ኣገልግሎታትኩምን ንምምሕዳር ብዛዕባኹም ዝገልጽ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ንጥቀመሉ።*

### ንኣገልግሎታትኩም ክፍሊት ምሕታት

ንናይ ክፍሊት ሕሳብ ንምስናድን ካብ ናይ ጥዕና ትልምታት ወይ ካልኦት ትካላት ክፍሊት ንምርካብን ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ክንጥቀመሉን ክነካፍሎን ንኽእል ኢና።

*ኣብነት፦ ንኣገልግሎታትኩም ክፍሊት ምእንቲ ክከፍል፡ ብዛዕባኹም ዝገልጽ ሓበሬታ ንናይ ጥዕና መድህን ትልምኹም ንህብ ኢና።*

## ብዘይካዚ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ብከመይ ክንጥቀመሉ ወይ ከነካፍሎ ንኽእል?

በዞም ዝስዕቡ ካልኦት መገድታት ሓበሬታኹም ክነካፍል ዝተፈቕደልና ወይ ዝተገደድና ኢና – እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ንህዝባዊ ረብሓ ዘበርክቱ መገድታት እዮም፡ ንኣብነት ከም ህዝባዊ ጥዕናን ምርምርን ዝኣመሰሉ። ነዞም ዕላማታት እዚኦም ሓበሬታኹም ቅድሚ ምክፋልና፡ ኣብ ሕጊ ዘለዉ ብዙሓት ቅድመ-ኩነታት ክነማልእ ኣለና። ንዝያዳ ሓበሬታ እዚ ተመልከቱ፦ [www.hhs.gov/ocr/privacy/hipaa/understanding/consumers/index.html](www.hhs.gov/ocr/privacy/hipaa/understanding/consumers/index.html)።

### ምስ ህዝባዊ ጥዕናን ድሕነትን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ምሕጋዝ

ኣብ ገለ ኩነታት ብዛዕባኹም ዝገልጽ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ክነካፍል ንኽእል ኢና፡ ንኣብነት ከምዞም ዝስዕቡ፦

- ሕማም ምክልኻል
- ናይ ፍርያት መጸውዒታት ምሕጋዝ
- ንመድሃኒታት ዝወሃቡ ኣሉታዊ ግብረ-መልሲታት ጸብጻብ ምቕራብ
- ጥርጣረ ዘለዎ ዓመጽ፡ ዕሽሽ ምባል ወይ ናይ ውሽጢ ገዛ ዓመጽ ጸብጻብ ምቕራብ
- ንጥዕና ወይ ድሕነት ዝኾነ ሰብ ዘንጸላልው ከቢድ ሓደጋ ምክልኻል ወይ ምንካይ

### ምርምር ምክያድ

ንናይ ጥዕና ምርምር ሓበሬታኹም ክንጥቀመሉ ወይ ክነካፍሎ ንኽእል ኢና።

**ሕጊ ምኽባር**

ናይ ክልል ወይ ፌደራላዊ ሕግታት ዝጠልብዎ እንተኾይኖም፡ ምስቲ ነቲ ናይ ፌደራል ምስጢራውነት ሕጊ ነኽብር ከም ዘለና ክርእዩ እንተደልዮም ብዛዕባኹም ዝገልጽ ሓበሬታ ክነካፍል እንተ ተሓቲትና ምስቲ ክፍሊ
ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎትን ሓዊሱ ሓበሬታኹም ክነካፍል ኢና።

**ንናይ ኣካላትን ቲሹታትን ወፈያ ጠለባት ምላሽ ምሃብ**

ብዛዕባኹም ዝገልጽ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ንናይ ኣካላት መስተረኻቢ ትካላት ክነካፍል ንኽእል ኢና።

**ምስ መርማሪ ሬሳ ወይ ሓላፊ ቀብሪ ምዕያይ**

ሓደ ሰብ ክመውት ከሎ፡ ምስ መርማሪ ሬሳ ወይ ሓላፊ ቀብሪ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ክነካፍል ንኽእል ኢና።

**ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ፡ ምኽባር ሕጊ፡ ከምኡ እውን ካልኦት ናይ መንግስቲ ጠለባት ምምላስ**

ብዛዕባኹም ዝገልጽ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ክንጥቀመሉ ወይ ክነካፍሎ ንኽእል ኢና፡-

- ንናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ ጥርዓናት
- ንናይ ምኽባር ሕጊ ዕላማታት ወይ ምስ ናይ ምኽባር ሕጊ በዓል-ስልጣን
- ብሕጊ ስልጣን ንዝተዋህቦም ንጥፈታት ምስ ናይ ጥዕና ምክትታል ትካላት
- ንፍሉያት ናይ መንግስቲ ዕማማት ከም ውትህድርና፡ ሃገራዊ ድሕነትን ናይ ፕረዚደንት ሓለውቲ ኣገልግሎትን

**ንኽስታትን ሕጋዊ ስጉምትታትን ምላሽ ምሃብ**

ቤት ፍርዲ ወይ ምምሕዳራዊ ትእዛዝ ወይ ድማ ጻውዒት ቤት ፍርዲ ምስ ዝቐርብ፡ ብዛዕባኹም ዝገልጽ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ክነካፍል ንኽእል ኢና።

## ሓላፍነታትና

- ምስጢራውነት ናይ ወልፊ ኣጠቓቕማ ጸገም ዘለዎም ሕሙማት መዛግብቲ – ብሕጊ ንሕክምናዊ ህጹጽ ሓደጋ ከም ዝተፈቕደ እንተዘይኮይኑ፡ ብዘይ ናይ ጽሑፍ ፍቓድኩም ወይ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ፡ ካብ ናይ ወልፊ ኣጠቓቕማ ጸገም ሕክምና መዛግብቲ ዝኾነ ሓበሬታ ኣይክነካፍልን ኢና።
- ምስ ኤችኣይቪ (HIV)ን ኤይድስ (AIDS)ን ዝተኣሳሰሩ ኩነታት – ብሕጊ ዝጥለብ እንተዘይኮይኑ፡ ብዘይ ናይ ጽሑፍ ፍቓድኩም ወይ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ፡ ናይ ዝኾነ ናይ ኤችኣይቪ መርመራ ውጽኢት ወይ ምስ ኤይድስ ዝተኣሳሰር ኩነታት ሓበሬታ ኣይክነካፍልን ኢና።
- ሕጋዊ ዕቅባ ዝተገብረሉ ናይ ጥዕና ሓበሬታኹም ምስጢራውነትን ድሕነትን ክንሕሉ ብሕጊ ዝተገደድና ኢና።
- ናይ ሓበሬታኹም ምስጢራውነት ወይ ድሕነት ክጸሉ ዝኽእል ናይ ሕጊ ምጥሓስ እንተጋጢሙ፡ ብቕጽበት ክንሕብረኩም ኢና።
- ኣብዚ መፍለጢ እዚ ዝተገልጹ ግቡኣትን ናይ ምስጢራውነት ኣሰራርሓታትን ክንስዕብን ናይዚ ቅዳሕ ክንህበኩምን ኣለና።
- ብጽሑፍ ክንጥቀመሉ ከም እንኽእል እንተዘይነጊርኩምና፡ ካብቲ ኣብዚ ተገሊጹ ዘሎ ወጻኢ ሓበሬታኹም ኣይክንጥቀመሉን ወይ ኣይክነካፍሎን ኢና። ፍቓድ ከም ዘለና እንተነጊርኩምና እኳ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ሓሳብኩም ክትቅይሩ ትኽእሉ ኢኹም። ሓሳብኩም እንተቀይርኩም ብጽሑፍ ኣፍልጡና።

ንዝያዳ ሓበሬታ እዚ ተመልከቱ፡- www.hhs.gov/ocr/privacy/hipaa/understanding/consumers/noticepp.html።

## ብዛዕባ ናይ ምስጢራውነት ኣሰራርሓታትና ጥርዓን እንተሃልዩኩም ወይ ብዛዕባዚ መፍለጢ እዚ ሕቶታት እንተሃልዩኩም፡ በጃኹም ምስ Privacy Officer ናይና ተራኸቡ።

ዶ/ር Michelle Daniels Cincinnati
ክፍሊ ጥዕና 3101 Burnet Avenue
Cincinnati, OH 45229
ስልኪ ቁጽሪ (513) 357-7200
CHDprivacyofficer@cincinnati-oh.gov

## ናይዚ መፍለጢ እዚ ውዕላት ምቅያር

ናይዚ መፍለጢ እዚ ውዕላት ክንቅይር ንኽእል ኢና፡ እቲ ለውጥታት ድማ ንኹሉ ብዛዕባኹም ዘለና ሓበሬታ ዝምልከት ይኸውን። እቲ ሓድሽ መፍለጢ ምስ ዝሕተት፡ ኣብ ቤት ጽሕፈትናን ኣብ መርበብ ሓበሬታናን ክርከብ እዩ።

እዚ መፍለጢ እዚ ካብ ጁን 1, 2022 ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ዝወዓለ እዩ